# ፔን ኢንተርናሽናል-ኣብ ቋንቋ መሰላት ዘድሃበ ናይ ጊሮና ማኒፌስቶ

*ፔን ኢንተርናሽናል ናይ ዓለም ፀሓፍቲ የቀራርብ ፡፡ እዙይ ማኒፌስቶ ኣብ ጊሮና ብፔን ኢንተርናሽናል ናይ ትርጉምን ቋንቋን መሰላት ኮሚቴ ጉንበት ፳፻፲ ዓ.ም ተዳሊዉ ኣብ መበል ፸፯ ዓለም ለኸ ናይ ልኡኻት ጉባኤ መስከረም ፳፻፲፩ ዓ.ም ዝፀደቐ እዩ፡፡ እዙይ ማኒፌስቶ ዓሰርተ ዋና ዋና ቋንቋ ዘማእኸሉ መምርሕታት ይድንግግ፡፡*

1. ሓያሎ ልሳናት ክብሪ ክወሀቦምና ክሕለዉ ዝግበኦም ናይ ዓለም ሓድግታት እዮም ፡፡

2. ኣብ ዓለምና ሰላም ንምስፋን ኣብ ዝግበር ከይዲ ንኩሎም ቋንቋታት ባህልታት ዝወሃብ ክብሪ ከምኡ እዉን ናይ ምይይጥ ልምዲ ምዕባይ መሰረታዊ ጉዳይ እዩ ፡፡

3. ኩሎም ግለሰባት ሂወት ቋንቋ ባህልን ማንነትን ኣብ ዝህቦም ናይ ሕብረተሰብ ልቢ ዉሽጢ ዝርርብ ይማሃሩ፡፡

4. ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ዝተፈላለዩ መረዳድኢ ሜላታት ናይ መረዳድኢ መንገድታት ጥራሕ ዘይኮኑስ ኣብ ዉሽጦም ደቂ ሰባት ዝዓበዩሎም ባህሎም ዝተሃነፁሎም ማህደር እዮም ፡፡

5. ዝኾነ ሓደ ቋንቋ ተዛራቢ ሕብረተ-ሰብ ቋንቁኡ ናይ ስራሕ ቋንቋ ናይ ምግባር መሰል ኣለዎ ፡፡

6. ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝትግበር ምምሃር ምስትምሃር ሜላ ኣብቲ ከባቢ ዝነብር ሕብረተ-ሰብ ዝጥቀመሉ ቋንቋ ክብሩ ንሽዓቢ ኣስተዋፅኦ ክገብር ኣለዎ ፡፡

7. ዜጋታት ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ሓፈሻዊ ፍልጠት ንኽህልዎም ምግባር ኣድላዪ እዩ ፡፡ምክንያቱ ናይ ካልኦት ስምዒት ንምግንዛብ ይኹን ሙሁራዊ ግልፅነት ብምትሕግጋዝ ብዛዕባ ቋንቋኻ ዕሙቕ ፍልጠት ንኽህልወካ ስለ ዝገብር እዩ ፡፡

8. ኣብ ደቂ ሰባት ምክብባርን ነንባዕልኻ ምርድዳእን ንኽህሉ ዝግበር ከይዲ ኣብ ምፍጣር ስነ ፅሑፍ ብፍላይ ኣብ ዓበይቲ ባህልታት ዝተሰርሑ ምትርጓም ብጣዕሚ ጠቃሚ ቦታ ይሕዝ ፡፡

9. መራኸቢ ሓፋሽ ሓያሎ ልሳናት ኣዎንታዊ ዝኾነ ፍርያት ንከምፅኡን ክብሮም ንኽዕብዩን ዝገብር በዓል ፍሉይ መሰል መጉልሂ ድምፂ እዩ ፡፡

10. ቋንቋኻ ናይ ምጥቃምን ምሕላዉን መሰል ብሕቡራት መንግስታት ካብ መሰረታዊ ናይ ደቂ ሰባት መሰል ከም ሓደ ኣካል ክኽዉን ይግባእ፡፡

Translated by PEN